EHDR - UK

# ሲምፖዝዮም ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ

ኤርትራውያን ንሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ዓባይ ብሪጣንያ፡ ኣብ ኤርትራ ንዘሎ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ዝዝቲ ናይ ሓደ መዓልቲ ሲምፓዝዮም ንምክያድ ኣብ ምድላው ትርከብ ።

እዚ መደብዚ ንሰኑይ ዕለት 19 መስከረም 2005 ኣብ ከተማ ሎንዶን ክካየድ ምዃኑ እንዳሓበርና ግዱሳት ኤርትራውያን ክካፈልዎ ዕድመ ነቕርብ። ወርሒ መስከረም ነዚ መደብ ከተኣንግድ ዘምረጸና ኩነታት ንምዝኽኻር፡ ኣብ ወርሒ መስከረም ለውጢ ዝጠለቡን ንለውጢ ዝተበገሱን ኣባላት ባይቶን ሓለፍትን፡ ጋዜጠኛታት፡ ከምኡውን ሽማግለታት ድምጾም ብጃምላ ዝተዓብሰላ፣ ወርሒ ብምዃና እዩ። በዚ ኣጋጣሚ ኣብዚ ዕለት'ዚ ነዞም ዝተጠቕሱ ደቂ ሃገር ንዝከረሉ፡ መብጽዓና ነሐድሰሉ መዓልቲ ክኸውን ንጽበ።

ናይ ሎሚ ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ኣብ ዓለም ብዝኸፍአ ግህሰት ሰብኣዊ መሰል ትልለን ትምሰልን ሃገር ኰይና ከም ዘላ ንኹሉ ብሩህ ይመስለና። እዚ ነገርዚ ናብ ኣዚዩ ኣሰካፊን ኣሻቓሊን ኩነታት እንዳማዕበለ ይኸይድ ብምህላው ከኣ፡ በዚ መዓልታዊ ንዕዘቦ ዘሎና ሓቅታት ክግለጽ ይካኣል ። ናይ ሎሚ ኤርትራ ፡ -

- መንእሰያት ኣብ ሃገሮም ካብ ምንባር ስደት ይሕሸና ብምባል ህይወቶም ኣብ ሓደጋ እንዳሳጥሑ ናብ ፈቐድኡ ዝሃድሙላ፡
- ደቂ ሃገር ብራዕድን ሽበራን ተዋሒጦም ጥራይ ከይኣክል፡ ብዘይ ሓደ ገበን፡ ንዘይተወሰነ ጊዜ፡ ብዘይ ፍርዲ ዝሳቐዩላ፡
- መባእታዊ መሰላት፡ ከም በዓል ነጻነት ናይ ምዝራብ፣ እምነት፡ ሓሳብካ ናይ ምግላጽን ምእካብን፡ ዝተኸልከለላ፡
- ናይ ባይቶ ኣባላትን፡ ገዳይም ተጋደልትን፡ ብዕመ ዝደፍኡ ወለዲን፡ ከምኡውን ኣባላት ተቓወምቲ ውድባትን በካይዳን ኣመራርሓን ሃገር ስክፍቶኦም ስለ ዝገለጹ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝበልዩላ ሃገር ኮይና ኣላ።

ዕላማ ናይዚ ሲምፓዝዮም ንብዙሓት ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ዝግደሱን ዝዋስኡን ባእታታት ዘቃራርብን መደብ ዝፈጥርን፣ ሳዕቤን ናይዚ ግህሰት ሰብኣዊ መሰል ዝግምግምን፡ ከምኡውን ነዚ ኣብ ቅድሜና ዝግሃድ ዘሎ ዕንወት ንዝመጽእ ብኸመይ ክንምክቶ ከም እንኽእል ሓሳብ ዘቕርብን ክኸውን ንጽበ ።

ኣብዚ ሲምፖዝዩም ኣብ ዝተፈላለዩ ኣርእስታት ዘተ ክካየድ እዩ፣ እቲ ዝቐርብ መደረታትውን ብቋንቋ እንግሊዝዩ ክኸውን። ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ጽቡቕ ኣፍልጦ ዘለዎም ብርክት ዝበሉ ተዛረብቲ ውን ክህልውና'ዮም። ድሕሪ ዝቐረበ መደረታት ከኣ፡ ናይ ሕቶን መልስን ከምኡውን ናይ ርእይቶኻ ምቕራብ መደብ ንተሳተፍቲ ብምኽፋት ነዊሕ ዕድል ክወሃብዩ።

ኣብ ዚ መደብዚ ክሳተፉ ተቀሪቦም ዘለው ተዛረብቲ ኣዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፡

- ዳን ኮነል፣ ዶር. ጋይም ክብረኣብ፣ ሙሴ ኤፍሬም፣ ዶር. ጀላለዲን፣ ሚሸላ ሮንግ፣ ማርቲን ፕላውት ከምኡውን፡
- ወከልቲ ዝተፈላለዩ ኣህጉራውያን ማሕበራት ፣
- ግዳያት ናይዚ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ዝኾኑ ኤርትራውያን፤ ምስክርነት ካብ ቤተሰብ ናይዞም ሃለዋቶም ዘይተፈልጠን ተኣሲሮም ዘለው ደቂ ሃገር፣ ዛንታ ኣሰቓቒ ጉዕዞ ስደተኛታት፣ ምስክርነት ኣመንቲ ክርስትናን እስልምናን ሃይማኖታት ከምኡውን ካብ ኣባላት ብሕታዊ ኰነ መንግስታውያን ጋዜጠኛታት ኤርትራ።
- ወከልቲ ናይ ኤርትራ ፖለቲካዊ ትካላት ፤ ወኪል ተቃወምቲ ኣባል ካብ ዴሞክራስያዊ ኪዳን ከምኡውን ወኪል መንግስቲ ኤርትራን ንኽካፈሉ ዕድመ ተገሩሎም ኣሎ።
- ብተወሳኺ ኣባላት ናይ ዝተፈላለዩ ትካላት መንግስቲ ሃገረ እንግሊዝ ኰነ ኣባላት ግብረ ሰናይ ማሕበራት ክሳተፉ ትጽቢት ይግበር።

እቲ ተዳልዩሉ ዘሎ ቦታ ክሕዞ ዝኽእል ዓቀን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ተኻፋልነት ብምዝገባ ክኸውን ከምዝተወሰነ ንሕብር። ስለዚ ኣብዚ መደብ ክትካፈሉ ትደልዩ ግዱሳት ደቂ ሃገር ኣቀዲምኩም ምሉእ ስምኩምን ናይ ኢመይል ኣድራሻኹምን ናብ info@ehdr.org.uk ክትልእኩልና ንላቦ። ኣድራሻ ናቲ ሰፈርን ካልእ ዘድሊ ሓበረታን ድማ ብኢመይል ክንምልሸልኩም ኢና።

እዚ ሲምፖዝዩም ንግሆ ካብ ሰዓት 9፡00 ቅ.ቀ ጀሚሩ ክሳብ ሰዓት 5፡00 ድ.ቀ ክቅጽልዩ።

ብደሓን ምጹ

ኤርትራውያን ንሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት - ዓባይ ብሪጣንያ ።

EHDR — UK
www.ehdr.org.uk